# መምርሒ ተጠቀምቲ



# ሓድሽ ኣፓርታማኻ ብምርካብካ እንቋዕ ሓጎሰካ። ናብ ገዛኻ እንቋዕ ብደሓን መጻእካ!

ኣብዚ መምርሒ ብዛዕባ ኣብ ኣፓርታማኻ ዝርከብ ግብራውን ቴክኒካውን ጉዳያት ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ከም በዓል ምፍልላይ ጎሓፍ፣ መፋትሕን ሓባሪ ትኪን ዝኣመሰሉ። በቲ ዝርዝር ትሕዝቶ ተጠቒምካ ድማ ብቐሊሉ ሓበሬታ ክትደልይ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ኣሰራርሓን ጽገናን ናይቶም መሳርሒታት ጽቡቕ ሓበሬታ ብምርካብ ኸኣ ጸገማት ንኸየጋጥም ክትከላኸል ትኽእል ኢኻ።

## ብልሽትን ጽገናታትን

### ብልሽት ኣሎ ድዩ፣ ወይ ገለ ነገር ኣይሰርሕን ኣሎ ድዩ? ስለዚ መጀመርታ ኣብዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ተመልከት።

ንጽገና ወይ ብልሽት ብዝምልከት ምስ ናትካ ኮርፖሬሽን ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ኣብ ገዛኻ ወይስ ኣብቲ መንበሪ ህንጻ ዝተሰብረ ነገር ኣሎ ድዩ? እዚ ቅር ዘብል እዩ። ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍና ክንፈትሓልካ ምእንቲ ብዛዕብኡ ክትሕብረና ብትሕትና ንሓትት። ናይ ጽገና ሕቶ ብዝምልከት ብኢንተርነት ብመንገዲ መርበብ-ሓበሬታ ክትሕብረና ትኽእል ኢኻ።
www.woonwaarts.nl
www.portaal.nl
www.talis.nl

ዘድልየካ ጽገና ህጹጽ ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን ብተሌፎን ክትረኽበና ትኽእል ኢኻ።

## መድሕን ባዕልኻ ኢኻ ትገብር

ካብቲ መፍትሕ ዝተረከብካሉ (ምትሕልላፍ) እዋን ጀሚርካ፣ ንኣብነት ንዝበጽሕ ጉድኣት ወይ ስርቂ ባዕልኻ ተሓታቲ ኢኻ። ንኹሉ ንብረትካ ጽቡቕ መድሕን ብምግባር ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ንኣፓርታማኻ ዝኸውን ናይ ትሕዝቶ ቤት መድሕን ኣብ ግዚኡ ኣዋድድ። ናይ ህንጻ መድሕን ድማ ብኣካራያይ እዩ ዝግበር።

ድሮ ናይ ናይ ትሕዝቶ ቤት መድሕን ነይሩካ ድዩ? ስለዚ ዘለዉ ለውጢታት ብዝምልከት ሓብር። ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ካብ ትካል መድሕንካ ወይ መንጎኛ ምኽሪ ሕተት። ንሳቶም ዋጋ ናይ ትሕዝቶ ቤት ባዕልኻ ክትግምግመሉ ዘኽእል ጠቓሚ ዝርዝር ኣለዎም። ብዛዕባ 'ጽቡቕ መድሕን' ምግባር ብዝምልከት ካብ ማሕበር ተጠቀምቲ ሓበሬታ ክትሓትት እውን ትኽእል ኢኻ።

# A

### ኣብቲ ኣፓርታማ ዝግበር ምትዕርራይ ምግባር [Aanpassingen aan het appartement]

እቶም ገዛውቲ ንምንባር ንኽትኣትዎም ድሉዋት ኮይኖም እዮም ዝርከቡ። ኣብቲ ኣፓርታማ ባዕልኻ (ዓበይቲ) ምትዕርራያት ምግባር ኣይፍቀድን እዩ። ንኣብነት ካልእ ክሽነ ምትካል ወይ መንደቕ ምእላይ ዝኣመሰለ።

### ሰደቓ ክሽነ [Aanrecht]

ኣብ 'ክሽነ' ዝብል ተመልከት።

### ጎሓፍ [Afval]

ጎሓፍካ ናብ ታሕተዋይ ደርቢ ናይቲ ህንጻ ትወስዶ። ኣብዚ ንወረቐት፣ ሓምላይ ጎሓፍን ፕላስቲክን ዝኸውን ዝተፈላለየ መትሓዚ ዘለዎ ክፍሊ ኣሎ።

እቲ ተረፍ ጎሓፍ ድማ ኣብቲ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝርከብ ናይ ጎሓፍ ኮንተይነር ትድርብዮ። ነዚ ንምጥቃም ድማ ናይ ጎሓፍ ታሴራ የድልየካ። ነዚ ናይ ጎሓፍ ታሴራ ንምርካብ ካብ DAR ባዕልኻ ብቑጽሪ ተሌፎን 024 371 6000 ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ዝከኣል ድማ ከም ነባሪ ናይ ምምሕዳር ከተማ ናይመኸን ብወግዒ ድሕሪ ምምዝጋብ ጥራይ እዩ።

DAR ነቲ ጎሓፍ ክወስዶ እዩ። ብዛዕባ ጎሓፍ ሕቶታት ወይ ጥርዓናት ኣለካ ድዩ? ብመንገዲ info@dar.nl ናብ DAR ኢ-መይል ለኣኽ፣ ወይ ናብ ሓፈሻዊ ቁጽሪ 024 371 6000 ደውል።

### መምጸዪ ሃፋ [Afzuigkap]

ኣብቲ ኣፓርታማ ዝርከብ መምጸዪ ሃፋ 'ናይ ዳግመ-ዑደት ሽፋን' እዩ። እዚ ድማ ንቅብኣትን ናይ ምኽሻን ሽታታትን ካብ ኣየር ብምጽራይ ነቲ ጽሩይ ኣየር ናብ ክሽነ ይመልሶ። ነቲ መምጸዪ ሃፋ ምስቲ መካኒካዊ ስርዓተ መምጸዪ ኣየር ፈጺምካ ኣይተራኽቦ! ከምኡ ምስ እትገብር እቲ ረሳሕ ኣየር ናብ መሕጸብ ሰብነትን ሽቓቕን ተመሊሱ እዩ ዝነፍስ።

ነቶም መምጸዪ ሃፋ መናፊት ድማ ኣብ ክልተ ዓመት ሓደ ግዜ ክትቅይሮም ይግባእ። ነዚ ባዕልኻ ኢኻ እዚ ትገብሮ።

ንመምጸዪ ሃፋ ዝምልከት መምርሒ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ ‘ቤትን ህንጻን’ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

# B

### መሕጸቢ ሰብነት [Badkamer ]

እቲ መሕጸቢ ሰብነትን ሽቓቕን ንኽትከናኸኖ ቀሊል ብዝኾነ ንዋት ዝተሰርሑ እዮም። እቲ መሕጸቢ ሰብነት ክብከሉ ወይ ክዘልቑ ዝኽእሉ ልቃባት ወይ መዓሸጊ ሃጓፋት የብሉን።

ንጽሬትን ክንክንን ናይ መሕጸቢ ሰብነት ዝምልከት መምርሒ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ 'ቤትን ህንጻን' ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

እቲ መሕጸቢ ሰብነት መስትያት ምስ መደርደሪ፣ መሕጸቢ ኢድ፣ ክልተ ሶኬታት፣ መንጠልጠሊ ሽጎማኖ፣ መውዓዪ **R**adiatoren [ራድያቶረታት] ኣብ ዝብል ተመልከት)፣ መሕጸቢ ነብሲ (መኻፈዪ ማይ ዘለዎ ቡንባን ማዕጾን) ከምኡ እውን መቆመጢ ሳሙና ኣለዎ።ኣብ ናሕሲ ናይቲ መሕጸቢ ሰብነት 2 ለድ ኣምፑላት ኣለዉ። እዘም ኣምፑላት ምንቅስቓስ ምስ ዝህሉ ብኣውቶማቲክ እዮም ዝበርሁ። ካብቲ መሕጸቢ ሰብነት ምስ ወጻእካ ድማ እቶም ኣምፑላት ድሕሪ ቁሩብ ግዜ መሊሶም ክጠፍኡ እዮም።

እቲ መሕጸቢ ሰብነት ምስ ፍሉይ ተሰኪዒ (ዊላንድ wieland) ዝተኣሳሰር ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ኤሌክትሪክ መዋቕር ኣለዎ። እዚ ተሰኪዒ ኣብቲ ኣብ መደቀሲ ክፍሊ ዝርከብ ቴክኒካዊ ኣርማድዮ ይርከብ። ወይ ድማ ኣብቲ ናይ ሙቐት ፓምፓ ዝርከበሉ ቴክኒካዊ ክፍሊ ኣሎ። እቲ ተሰኪዒ ኩሉ ግዜ ክተሓሓዝ ኣለዎ። እቲ ተሰኪዒ ኣይተተሓሓዘን ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን መብራህቲ፣ ሶኬትን መውዓዪን ኣይሰርሕን እዩ።

ነቲ መሕጸቢ ሰብነት ኩሉ ግዜ ሓድሽ ኣየር ኣእትወሉ። ኣብ እዋን ምጥቃም ነቲ ስርዓተ-መርውሓ ቤት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ግበሮ። ሽቓቕ ተጠቒምካ ዲኻ (መሕጻብ ሰብነት)? ከምኡ ምስ ዝኸውን ኩሉ ግዜ ነቲ መርውሓ ን10 ክሳብ 15 ደቓይቕ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ግደፎ። ብዛዕባ እዚ ናይ ሓባሪ ግዜ ኣሰራርሓ ኣብ ትሕቲ **V**entilatie [መርውሓ] ዝብል ተመልከት። ድሕሪኡ እቲ ጠሊ ክጠፍእ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብቲ መሕጸቢ ሰብነት ምዕሳው ንኸይፍጠር ይከላኸል።

ከም ጸጉሪ ዝኣመሰለ ርስሓት ካብ ትሕቲ መሸፈኒ ጉድጓድ ናይቲ መሕጸቢ ሰብነት ብቐጻሊ እለዮ። ብኸምዚ መንገዲ ድማ እቲ መውሓዚ ማይ ከምዘይዕበስ ተረጋግጽ።

ኣብ ስቱድዮታትን 2 ክፍሊ ዘለዎም ኣፓርታማታትን፣ ናይ ሽቓቕ ጥቕላል መትሓዚ ዘለዎ ሽቓቕ ኣብ መሕጸቢ ሰብነት ይርከብ። እቲ 3 ክፍሊ ዘለዎ ኣፓርታማ ድማ መሕጸቢ ኢድን ናይ ሽቓቕ ጥቕላል መትሓዚን ዘለዎ ዝተፈልየ ሽቓቕ ኣለዎ። ኣብቲ ዝተፈልየ ሽቓቕ ሓደ ናይ ለድ ኣምፑል ኣሎ። እዚ ኣምፑል ምንቅስቓስ ምስ ዝህሉ ብኣውቶማቲክ እዩ ዝበርህን ዝጠፍእን።

### ውሽጣዊ ማዕጾታት [Binnendeuren]

እቲ ኣፓርታማ ምሕጣጥ ዝጻወር በርንቺ ዘለዎ ናይ በርክቨንስ [Berkvens] ማዕጾታት ኣለዎ። ማዕጾ ናይቲ ቴክኒካዊ ክፍሊ/ኣርማድዮ ድምጺ ዝከላኸሉ መሳለጥያታት ኣለዎ። በዚ ድማ እቲ ማዕጾ ንድምጺ ናይቲ ናይ ሙቐት ፓምፓ ከምዝዕፈን ይገብር።

### ኣብ መናድቕ፣ ባይታታትን ናሕስታትን ምኹዓት [Boren]

ኣብ ባይታታት ፈጺምካ ኣይትኹዓት ወይ ኣይትሰምር። ኣብ ትሕቲ ባይታ፣ ንመውዓዪ ትሕተ-ባይታን ማይን ዝኾኑ ሻምብቆታት ኣለዉ። እዚኦም ማይ ከልሕኹ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ነፍስወከፍ ሶኬት ኣብ ዝርከቡ መንድቕን ናሕስታትን ክትኩዕት እንከለኻ *ተጠንቀቕ*። ኣብ ጥቓ እቶም ሶኬታት መስመራት ቀረብ ኤሌክትሪክ ኣለዉ። እዚኦም ኣብ እዋን ምኹዓት ክስበሩ ይኽእሉ እዮም። ቅድሚ ምኹዓት መጀመርታ እቶም ሻምብቆታት ኣበይ ከምዘለዉ ብዲቴክተር ተቖጻጸር።

ገለ ነገር ክትሰቕል እንተደሊኻ ናይ ሃጓፍ መንደቕ ወይ ናይ ጀሶ ተወታፊ ተጠቐም። እቶም መናድቕ ብዝተተኽሉ ሜታል ዝተደኮኑ መናድቕ ኮይኖም ብ12.5 ሚሜ ቀጸላ ጀሶ ዝተዛዘሙ እዮም። እዞም ተወተፍቲ ምስ መንደቕ ተደሚሮም ክስከምዎ ዝኽእሉ ዝለዓለ ክብደት ኣብ ግምት ኣእቱው።



### ዓጋቲ ባርዕ [Brandklep]

ኣብ ክፍሊ መሕጸቢ ክዳውንቲ ናይቲ ኣፓርታማ ንመተንፈሲ ኣየር ዝኸውን መዓሙቝ ካናለ ኣሎ። እዚ ካብ ታሕተዋይ ደርቢ ክሳብ ናሕሲ ዝኸይድ እዩ። ንድሕነት ብምዕላም ድማ ንኣብነት ባርዕ ምስ ዘጋጥም ብኣውቶማቲክ ዝዕጾ ባርዕ ዝገትእ ዓጋቲ ባርዕ ኣለዎ።
ምእንቲ እቲ ናይ ሙቐት ፖምፓ ስርሑ ብግቡእ ክሰርሕ እቲ ዓጋቲ ባርዕ ኩሉ ግዜ ክፉት ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዓጋቲ ባርዕ ተዓጽዩ ድዩ ዘሎ? ስለዚ ብዘዕባ እዚ ንኣራኻብቲ ነበርቲ ሓብር።

ኣብዚ ታሕቲ ዝርከብ ምስሊ እቲ ዓጋቲ ባርዕ ብግቡእ (ክፉት) ምዃኑ ዘርእይ እዩ፡



1. እቲ ዓጋቲ ባርዕ ተዓጽዩ ኣሎ።
2. እቲ ዓጋቲ ባርዕ ተኸፊቱ ኣሎ።

# D

### ማዕጾታት፣ መፋትሕን መጠወቒታትን [Deuren, sleutels en buttons]

ካብቲ ኣፓርታማ ክትወጽእ እንከለኻ ኩሉ ግዜ ናይ ቅድሚት ማዕጾኻ ዕጸዎ። ኩሎም ናይ ቅድሚት ማዕጾታት ዝልሑኽ ንፋስ ዝከላኸሉ ጎማታት ኣለዎም። እዚ ድማ እቲ ማዕጾ ንኽዕጾ ቁሩብ ኣጸጋሚ ክገብሮ ይኽእል እዩ።

ኣብ እዋን ምርካብ መፋትሕ ክትቕበል ኢኻ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ መጠወቒታት እውን ክትቅበል ኢኻ። ነዚኦም ንምቕባል ድማ ትፍርም። ነቲ ክራይ እንተሰሪዝካዮ (ምግዓዝ)፣ ልክዕ ዝተቐበልካዮ ቁጽሪ መጠወቒታትን መፋትሕን ትመልስ።

<u>Samba & Jive</u>

እቶም መጠወቒታት ናብቲ ህንጻ ንኽትኣቱው የኽእሉኻ። ምስ ማዕጾታት ናይዞም ዝስዕቡ ዝጋጠሙ እዮም፡
- ቀንዲ መእተዊ፤
- ጎሓፍ ዝእከበሉ ክፍሊ፤
- ናይ ብሽክለታ መጽለሊ፤
- መራኸቢ ክፍሊ/ክፍሊ መሕጸቢ ክዳውንቲ፤
- ናይ መኽዘን ነኣሽቱ ኣዳራሻት (3 ክፍሊ ንዘለዎም ኣፓርታማታት ጥራይ)።

እቶም መፋትሕ ነዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ናይ ገዛእ ርእስኻ ኣፓርታማ፤
- መኽዘንካ (3 ክፍሊ ንዘለዎም ኣፓርታማታት ጥራይ)፤
- ሳጹን ፖስታኻ።

እቲ ቀንዲ መእተዊ ማዕጾን ናይ ብሽክለታ መጽለሊ ማዕጾታትን ኣውቶማቲክ ከፋቲ ማዕጾ ኣለዎም። ናብ ውሽጢ ንምእታው ነቲ ኣብ ደገ ዘሎ መጠወቕ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣንባቢ ታሴራ መንደቕ ትሕዞ። ነቲ ናይ ኾርናዕ ኢድ መጠወቕ ብምጽቃጥ ድማ ብዘይ መጠወቕ ናብ ደገ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ።

Paso Doble

እቶም መፋትሕ ናብቲ ህንጻ ንኽትኣቱው የኽእሉኻ። ምስ ማዕጾታት ናይዞም ዝስዕቡ ዝጋጠሙ እዮም፡
- ቀንዲ መእተዊ፤
- ጎሓፍ ዝእከበሉ ክፍሊ፤
- ናይ ብሽክለታ መጽለሊ፤
- መራኸቢ ክፍሊ/ክፍሊ መሕጸቢ ክዳውንቲ፤
- ናይ መኽዘን ነኣሽቱ ኣዳራሻት (3 ክፍሊ ንዘለዎም ኣፓርታማታት ጥራይ)፤
- ናይ ገዛእ ርእስኻ መኽዘን፤
- ናይ ቅድሚት ማዕጾኻ፤
- ሳጹን ፖስታኻ።

Tango & Rumba

እቶም መጠወቒታት ናብቲ ህንጻ ንኽትኣቱው የኽእሉኻ። ምስ ማዕጾታት ናይዞም ዝስዕቡ ዝጋጠሙ እዮም፡
- ቀንዲ መእተዊ፤
- ጎሓፍ ዝእከበሉ ክፍሊ፤
- ናይ ብሽክለታ መጽለሊ፤
- ናይ መኽዘን ነኣሽቱ ኣዳራሻት (3 ክፍሊ ንዘለዎም ኣፓርታማታት ጥራይ)፤

እቶም መፋትሕ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ኣፓርታማ፣ ንመኽዘን (3 ክፍሊ ንዘለዎም ኣፓርታማታት ጥራይ) ከምኡ እውን ንናይ ፖስታ ሳጹንካ እዮም።

Salsa

እቶም መፋትሕ ናብቲ ህንጻን ኣፓርትማኻን ንኽትኣቱው የኽእሉኻ። ምስ ማዕጾታት ናይዞም ዝስዕቡ ዝጋጠሙ እዮም፡
- ቀንዲ መእተዊ፤
- ጎሓፍ ዝእከበሉ ክፍሊ፤
- ናይ ብሽክለታ መጽለሊ፤
- መራኸቢ ክፍሊ/ክፍሊ መሕጸቢ ክዳውንቲ፤
- ናይ መኽዘን ነኣሽቱ ኣዳራሻት (3 ክፍሊ ንዘለዎም ኣፓርታማታት ጥራይ)፤
- ናይ ገዛእ ርእስኻ መኽዘን፤
- ናይ ቅድሚት ማዕጾኻን ሳጹን ፖስታኻን።

**ዓጻዊ ማዕጾ [Deurdranger]**

ናይ ነፍስወከፍ ኣፓርታማ ናይ ቅድሚት ማዕጾ ብኣውቶማቲክ እዩ ዝዕጸው። እዚ ድማ ብመንገዲ ዓጸዊ ማዕጾ ዝግበር እዩ። ዓጸዊ ማዕጾ ባርዕ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ድሕነት የረጋግጽ። እዚ ኩሉ ግዜ ክሰርሕ ኣገዳሲ እዩ፣ እቲ ጸሊም ሳንዱቕ ኣብ ኩነት I (ዝተወልዐ) ኮይኑ እዩ ዝርከብ፣ ከምኡ እውን እቲ ተሰኪዒ ኩሉ ግዜ ኣብ ሶኬት ገጢሙ ይርከብ።





ኣብነት ዓጸዊ ማዕጾ ጸሊም ሳንዱቕ ኣብ ኩነት I ተሰኪዒ ኣብ ሶኬት ዝገጠመ!

# E

## ኤሌክትሪክ [Elektra]

እቲ ኣፓርታማ ምስ መስመር ኤሌክትሪክን መስመር ማይን ዝተኣሳሰረ እዩ። ኣገዳሲ: ባዕልኻ ኣብ ኣቕራቢ ጸዓት ክትምዝገብን ናይ ገዛእ ርእስኻ ናይ ቀረብ ውዕል ክትፍጽምን ኣለካ። ነዚ ቅድሚ መዓልቲ ምርካብ መፋትሕ (ምትሕልላፍ) ግበሮ። እዚ እንተዘይገይርካ ሙቐት ወይ መብራህቲ ኣይክህልወካን እዩ።

# G

## ኽላስቨዘል ኢንተርነት [Glasvezel]

እቲ ኣፓርታማ ንኢንተርነት ምስ መርበብ ኽላስቨሰል ዝተኣሳሰረ እዩ። ኣገዳሲ፡ ኣቕራቢ ኢንተርነትካ ባዕልኻ መሪጽካ ምስኡ ባዕልኻ ውዕል ትገብር። ሽዑ ጥራይ ኢኻ ኢንተርነት ክትረክብ እትኽእል። ሓበሬታን ኣቕረብቲ ናይ መርበብ ኽላስቨሰልን ንምርካብ ኣብ www.providercheck.nl ተወከስ።

# K

## ኣርማድዮ መደቀሲ ክፍሊ፣ ኣብ 3 ክፍሊ ዘለዎ ኣፓርታማ ጥራይ [Kast slaapkamer]

ኣብቲ ዓቢይ መደቀሲ ክፍሊ ናይቲ 3 ክፍሊ ዘለዎ ኣፓርታማ ሓደ ተወሳኺ ማዕጾ ኣሎ። ብድሕሪ እዚ ማዕጾ ድማ ክፋል ናይቲ ቴክኒካዊ መዋቕር ኣሎ። እቶም ሻምብቆታት ኩሉ ግዜ ተበጺሖም ኮይኖም ክቕጽሉ ኣለዎም። ኣብቶም መናድቕ መደርደሪታት ንምንጥልጣል ምኽንያት *ብጥብቂ ክልኩል* እዩ። ዘይገጠሙ ንጽል ነገራት ኣብቲ ኣርማድዮ ከተቐምጥ ግን ትኽእል ኢኻ።

## ክሽነ [Keuken]

እቲ ኣፓርታማ ናይ ብራይንዚል [Bruynzeel] ክሽነ ኣለዎ። እቲ ክሽነ፣ ቀጻላ ሰደቓ ዘለዎ ሰደቓ ክሽነ፣ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ከብሒታት፣ ናይ ክሽነ ቡንቧ ዘለዎ መሕጸቢን መምጸዪ ሃፋን ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ

እቲ ሰደቓ ክሽነ ድማ ንመቐመጢ ፍሪጅ ዝኸውን ነጻ ቦታ ኣሎ። ነዊሕ ሞዴል ፍሪጅ ድማ ኣብ ጎኒ እቲ ሰደቓ ክሽነ ከተቐምጦ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ንማግኔትሮን ወይ ንፎርኖ ዝኸውን ሶኬታት ኣለዉ።

እቲ ኣፓርታማ ካብ ጋዝ ኣልቦ እዩ። ኣብቲ ገዛ ብኤሌክትሪክ ጥራይ ኢኻ ክትክሽን እትኽእል። ነዚ ዕላማ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰደቓ ክሽነ 2 ናይ 230VV ፐሪለክስ [perilex] መጋጠሚ ኣለዉ። እዚ ማለት መኽሸኒ እቶን ባዕልኻ ትገዝእ ማለት እዩ።

ኣብ 3 ክፍሊ ዘለዎ ኣፓርታማ ዲኻ ትነብር? ስለዚ ኣብ ትሕቲ እቲ ቀጸላ ሰደቓ ክሽነ፣ ንሓጻቢት ኣቑሑት መቐመጢ ዝኸውን ቦታ ኣሎ። ሶኬት፣ ቀረብ ማይን ከምኡ እውን ንመውጽኢ ማይ ዝኸውን ቱቦ-T ኣብቲ ጎኒ ዘሎ ናይ መሕጸቢ ከብሒ ኣሎ። ኣብ ጎድኒ መንደቕ ናይቲ ናይ መሕጸቢ ከብሒ ድማ ነቲ ገመድ፣ ናይ ማይ ቱቦን ተዓጻጻፊ መውጽኢ ማይን ናብቲ ናይ መሕጸቢ ከብሒ ንምሕላፍ ዝኸውን ቦታ ኣሎ።



*መገጣጠሚታት ሓጻቢት ኣቑሑት ዘለዎ መሕጸቢ ከብሒ*

### መቓናት መሳኹቲ [Kozijnen]

ኣብ ደጋዊ ገጽ ናይቲ ኣፓርታማ ሰብ-ሰርሖ መቓናት መሳኹቲ ኣለዉ። እዚኦም ድማ ጥርሙስ፣ ዝዝወሩ መሳኹቲ፣ ከምኡ እውን ዝዝወሩን ዝቀንኑን መሳኹቲ ዝሓቖፉ እዮም። ገሊኦም ኣፓርታማታት ባርዕ ዝጸወር ናይ ኣሉሚንዩም መቓናት ኣለዎም። ኣብ ደጋዊ መቓናት ዝርከቡ ናይ ንፋስ መተሓላለፊ መናፊት ቀረብ ንጹህ ኣየር ከምዝህሉው የረጋግጹ።

ኣብ ፕላስቲክ ወይ ኣሉሚንዩም መቓናት ምኹዓት ወይ ምሽርሻር ኣይፍቀድን እዩ። ስለዚ ኣብቲ መቓን ዝኾነ ነገር ከተተሓሕዝ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብርግጽ መጋረጃታት ኣብ ሓዲድ ወይ ዘንጊ ኣብ ናሕሲ ክትሰቕል ኣማራጺ ኣለካ። እዚ ድሮ ኣብ ገሊኦም ህንጻታት ኣሎ። ኣብ ገሊኦም ህንጻታት ድማ ድሮ መጋረጃታት ኣለዉ።

# M

### ስርዓተ-መርውሓ ቤት [Mechanische ventilatie]

መሕጸቢ ሰብነት፣ ሽቓቕ፣ ክሽነን ክፍሊ ሓጻቢት ማሽንን ናይቲ ኣፓርታማ መምጸዪ መፈንቶ ማለት መውጽኢ ኣየር ኣለዎም። እቲ መምጸዪ መፈንቶ ካብ ምሉእ እቲ ኣፓርታማ እኹል ኣየር ከም ዝምጸይ ይገብር።

ነቲ ኣዋድዳ ናይቲ መፈንቶ ብምቕይያር ዘይምትዕንቓፍ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብርግጽ ነቶም መፈንቶታት ብጨርቂ ከተጽርዮም ትኽእል ኢኻ፣ ግን ንኣዋድዳ ናይቶም መፈንቶታት ከይትቕይር ተጠንቀቕ።

ምንቀጺ ማሽን ወይ መምጸዪ ሃፋ ምስቲ ስርዓተ-መርውሓ ቤት ምትእስሳር *ኣይፍቀድን* እዩ።



*ዝተስተኻኸለ መምጸዪ መፈንቶ*

እቲ ናይ መፈንቶ መቖየሪ ኣብ ሳሎን ኣብ መንደቕ ተንጠልጢሉ ይርከብ። በዚ ገመድ ኣልቦ መቖየሪ ድማ ዝተፈላለየ ናይ መፈንቶ ደረጃታት ባዕልኻ ከተዋድድ ትኽእል ኢኻ።




ንናይ ሙቐት *ፓምፓ* ዝምልከት መምርሒ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ ‘ቤትን ህንጻን’ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ መምርሒ ብዛዕባ እቲ መቖየሪ መርውሓ ማለት ምዝውዋር ኣየር ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

ላዕለዋይ ጸጋም፡ ተወሳኺ ተግባር፡ ካብ ገዛኻ ንነዊሕ እዋን ርሒቕካ ትኸይድ ዲኻ? ንኣብነት ናብ ስራሕ ወይ ንሓደ ሰሙን ዕረፍቲ ምስ እትኸይድ። ስለዚ ነዚ ተግባር ኣዋድድ።

ላዕለዋይ የማን: ኣብ ገዛኻ እንተለኻ ነዚ ኩነት ትውልዖ።

*ታሕተዋይ ጸጋም፡* እዚ ሓባሪ ግዜ እዩ። ሰብነትካ ክትሕጸብ ወይ ክትክሽን ምስ እትኸውን ነዚ ኩነት ትውልዖ። ብድሕሪኡ እቲ ቬንቲለተር ንዝተወሰነ ግዜ ብዝቐልጠፈ ይዘውር፣ ስለዚ ድማ እቲ ጠሊ ካብቲ መሕጸቢ ሰብነት ይምጠጥ።

***ታሕተዋይ የማን:*** **እዚ ተግባር እዚ ንምዝውዋር ኣየር ብኣውቶማቲክ ይቈጻጸሮ። ነዚ ተግባር ብስሩዕ ክትጥቀመሉ ንመክር።**

## ናይ ቆጻሪ ከብሒ/ቆጸርቲ [Meterkast/meters]

ኣብቲ ናይ ቆጻሪ ከብሒ ናይቲ ኣፓርታማ ናይ ጉጅለ ምደባ ሓበሬታ ካርድ ኣሎ። እዚ ድማ እቶም ሶኬታት ወይ ነቑጣታት መብራህቲ ምስ ኣየናይ ጉጅለ ከም ዝተኣሳሰሩ ዘርእይ እዩ።

ነቲ ናይ ቆጻሪ ከብሒ ከም ናይ መኽዘን ከብሒ ኣይትጠቐመሉ። ስለዚ ኣብቲ ከብሒ ዝኾነ ነገር ኣይተቐምጥ። ኣብ ህጹጽ ኩነታት፣ ብቕልጡፍ ናብቶም ናይ ኤሌክትሪክ ጉጅለታት ወይ ቀንዲ ቡንቧታት ክትበጽሖ ክትክእል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።



*እዚ ክፋል ናይ ኣመሓዳሪ መስመር ዝኾነ፡ ሊኣንደር [Liander] እዩ። እዚ 3 ቀንዲ መቖየሪታት ዘለዎ ቆጻሪ ኤሌክትሪክ እዩ።*




*እቲ ሰማያዊ መጠወቒ ንባባት ቆጻሪ ዝሕብር እዩ።*
*ንንባብ ቆጻሪ 1 ብዝምልከት 1.8.1 ኣንብብ።*
*ንንባብ ቆጻሪ 2 ብዝምልከት 1.8.2 ኣንብብ።*

ኣብቲ ናይ ቆጻሪ ከብሒ ድርብ ሶኬት ኣሎ። እዚ ንኣብነት ንኢንተርነት ንዝኸውን ራውተር እዩ።

<u>ኤሌክትሪክ [Elektra]</u>
ኣብቲ ኣብ ኣፓርታማኻ ዝርከብ ናይ ቆጻሪ ከብሒ፣ ናይ ጉጅለ መከፋፈሊ ሳንዱቕ ኣሎ። እዚ ድማ ኤሌክትሪክ ብዘይ ስግኣት ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል የረጋግጽ። እቲ ናይ ጉጅለ ኣከፋፋሊ ብልሽት ወይ ዝተበላሸዉ መሳርሒታትን ኣብ ዝህልወሉ እዋን ምክልኻል ከም እትረክብ የረጋግጽ፣ ብሰንኪ እዚ ካብ ዝስዕብ ባርዕ ድማ ይከላኸል። ነዚ መምርሒ ኣጠቓቕማ ብጥንቃቐ ኣንብቦ። በዚ መንገዲ ድማ እዚ ናይ ጉጅለ መከፋፈሊ ሳንዱቕ ስርሑ ብዝበለጸ ክሰርሕ ይኽእል።

<u>ኽላስቨዘል (ኢንተርነት)/cai [Glasvezel (internet)/cai)]</u>
ኣብቲ ኣብ ኣፓርታማኻ ዝርከብ ናይ ቆጻሪ ከብሒ፣ ን(ኽላስቨዘል) ኢንተርነት ከምኡ እውን cai (ማእከላይ መሳለጥያ ኣንቴና) ዝኸውን ሳንዱቕ ኣሎ። ንሓደ ካብዞም ምጋጠሚታት ድማ ንውዕል ናይ ቴሌፎንካ፣ ኢንተርነት ን/ወይ ቲቪ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ባዕልኻ ምስ ሓደ ኣቕራቢ ውዕል ክትገብር ኣለካ።




<u>ማይ</u>
እቲ ቀንዲ ቡንቧ ናይ ሻምብቆ ማይን ቆጻሪ ማይን ኣብ ናይ ቆጻሪ ከብሒ ይርከብ። እቲ ሻምብቆ ማይ ዝዕጾ ሓደ ካብቶም ሰማያዊ ለዓታት ናይቲ ሻምብቆ ምስ ዝዕጸው እዩ። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ተመልከት።



*ሻምብቆ ማይ ተዓጽዩ ኣሎ።*

እቲ ሻምብቆ ማይ ክፉት ዝኸውን ክልቲኦም ሰማያዊ ለዓታት ናብ ኣንፈት እቲ ሻምብቆ ምስ ዝኾኑ እዩ። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ተመልከት።



*ሻምብቆ ማይ ተኸፊቱ ኣሎ።*

ኣብቲ ናይ ቆጻሪ ከብሒ ናይቲ 2 ክፍሊ ዘለዎ ኣፓርታማ ክልተ ኣውቶማቲክ መንተፈሲ ኣየር ኣለዉ። እዚኦም ቅኑዕ ኣሰራርሓ ስርዓተ-ምውዓይ ንኽህሉው ኩሉ ግዜ ክፉታት ክኾኑ ኣለዎም።

# R

## ራድያቶረታት [Radiatoren]

መውዓዪ ትሕተ-ባይታን ራድያቶረታትን (መውዓዪ መሳርሒታት) ኹሎም ክፍልታት ናይቲ ኣፓርታማ ከምዝውዕዩ የረጋግጹ። እቶም ኣብ ሳሎን ዝርከቡ ራድያቶረታትን መውዓዪ ትሕተ-ባይታን እቲ መቖጻጸሪ ሙቐት ምስ ዝውላዕ እዮም ዝሰርሑ። ኣብ መደቀሲ ክፍልታት ዝርከቡ ራድያቶረታት መቖጻጸሪ ሙቐት

ኣለዎም። በዞ ድማ እቲ ዘድልየካ ሙቐት ክተዋድድ ትኽእል። ኣብቶም ራድያቶረታት ወይ ኣብ ልዕሊኦም ዝኾነ ነገር ኣይትሰቕል ወይ ኣይተቐምጥ። ተተኺሎም ደው ዝብሉ ስለ ዝኾኑ ተወሰኺ ክብደት ክስከሙ ኣይክእሉን እዮም።

<u>መሕጸቢ ሰብነት [Badkamer]</u>
ኣብቲ መሕጸቢ ሰብነት ፕሮግራም ክትገብረሉ እትኽእል መቖጻጸሪ ሙቐት ዘለዎ ብኤሌክትሪካዊ ናይ ሽጎማኖ ራድያቶረ ኣሎ።

ንናይ ሽጎማኖ ራድያቶረ ዝምልከት መምርሒ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ 'ቤትን ህንጻን' ክትረኽቦ



ትኽእል ኢኻ።

*ናይ መሕጸቢ ሰብነት ራድያቶረ* *ፕሮግራም ክትገብረሉ እትኽእል መቖጻጸሪ ሙቐት*

## መሳኹቲ፡ ቬትሮን መዕጸዊን [Ramen: glas en sluiting]

መሳኹቲ ናይቲ ደጋዊ ገጽ ናይ HR++ ቬትሮ ዘለዎ እዩ። እዚ ቬትሮ ኣዝዩ ጽኑዕ ገይሩ ዛሕሊ ዝከላኸልን ብመጠኑ ጸሓይ ዝጸወርን እዩ። ኣብ ዝተወሰኑ ፍሉያት ኩነታት ኣየርን ደረጃ ጠሊን፡ ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ደገ ናይቲ ቬትሮ ዝደስከለ ጠሊ (ምፍጣር ጠሊ) ክፍጠር ይኽእል እዩ። እዚ ሕማቕ ኣይኮነን።

ኣብቲ ቬትሮ ቀጸላ ኣይትለጥፍ። ቀጸላታት ሙቐታዊ መስበርቲ ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኣብ ትሕቲ ጋራንሲ ዝምደብ ኣይኮነን፣ ብትካል መድሕን ድማ ኣይሽፈንን እዩ። ብሰንኪ ዝልጠፍ ቀጸላ ንዝፍጠር ጉድኣት ባዕልኻ ኢኻ እትኸፍሎ። ስለዚ ነኣሽቱ ጸገናታት ኣብ እትገብረ እዋን ንመሳኹቲ ንግዚኡ ብምልጣፍ ከይሸፈን እውን ንመክር።

ኣብቲ ኣፓርታማ ኮይንካ ንደጋዊ ሸነኽ ናይ መሳኹቲ ምሕጻብ ይከኣል እዩ። እቶም መሳኹቲ ዝዘውር ክፋልን፣ ንውሽጢ ገጹ ዝኽፈት ዝዝወርን ዝቀንንን ክፋል ኣለዎም።

ለዓት መስኮት ሰለስተ ከነት ኣለዎ፡




1. ንታሕቲ (ንትኹል) እቲ መስኮት ይዕጽው።
2. ንጎኒ (ንጋድም) መስኮት ኣብ ዝዘውር ኩነት ይርከብ።
3. ንላዕሊ (ንትኹል) መስኮት ኣብ ዝቀንን ኩነት ይርከብ።

መሳኹቲ ክመዘበሉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ኣብ መንጎ መጋረጃ ኣትይዎ እንከሎ ነቲ መስኮት ብምዕጻው ከጋጥም ይኽእል። ወይ ድማ እቲ መስኮት ኣብ ኩነት 2ይ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ብዘጋጥም ጸፍዒ ንፋስ ከጋጥም ይኽእል።

ኣገዳሲ፡ መጉዳእቲ ንምክልኻል ነዘም ዝስዕቡ መምርሒታት ተኸተል፡

- መጀመርታ ነቲ ናይ ዝዘውርን ዝቀንንን ክፋል ክፈቶ፣ ድሕሪኡ ጥራይ እዩ እቲ ዝዘውር ክፋል ክኽፈት ዝኽእል።
- ቅድሚ ካልእ ኩነት ምምራጽካ ኩሉ ግዜ መጀመርታ ነቲ መስኮት ዕጸዎ።
- ነቲ ለዓት መስኮት ፈጺምካ ኣብ መንጎ ክልተ ኩነት ኣይትግበሮ። ስለዚ እቲ መስኮት ደጊም ኣብ ክልተ ነጥብታት ዘይተኣሳሰር ይኸውን፣ ከምኡ እውን ክመዛበል ይኽእል፣ ደጊም ክዕጸው ድማ ኣይክእልን።
- ነቲ ለዓት መስኮት ኣብቲ ለዓት ንዝርከብ ዓንኬል ብምጽቃጥ ኢኻ ትቖልፎ። ስለዚ ደጊም ነቲ ለዓት መስኮትን ነቲ መስኮትን ክትከፍቶ ኣይትኽእልን። ነቲ መቖለፊ ድማ በታ ንእሽቶ መፍትሕ ትኸፍቶ። ነቶም መፋትሕ ኣብ ጽቡቕ ኣቐምጦም። እዚኦም ናይቲ ኣፓርታማ እዮም።

## ስርዓተ ረሳሕ ፈሳሲ [Riolering]

ከም በዓል መሕጸቢ ሰብነትን ሽቓቕ ናይ ዝኣመሰሉ ውሽጣዊ ስርዓተ ረሳሕ ፈሳሲ ናትካ ኮርፖሬሽን ኣባይቲ እዩ ሓላፍነት ይወስድ። ዘጋጥም መዕበስቲ ብዝምልከት ግን ባዕልኻ ክትፈትሖ ኣለካ።

ናይቲ ኣፓርታማ መፋትሕ ድሕሪ ምቕባልካ (ምትሕልላፍ) ንኹሎም ናይ ረሳሕ ፈሳሲ ቱቦታት ተቖጻጸሮም። እዚኦም ብጽቡቕ ይኸዱ ኣለዉ ድዮም? ስለዚ ዋላ ሓንቲ ኣበር የለን። መዕበስቲ ኣሎ ድዩ? ስለዚ ብዛዕባ እዚ ብቕጥታ ናብ ናትካ ኮርፖሬሽን ኣባይቲ ሓብር።

ኣብ ገዛኻ ነኣሽቱ ጽገናታት ክትገብር ዲኻ? ስለዚ ረሳሕ ማይ/መጽረዪ ማይ በቲ ናይ ረሳሕ ፈሳሲ ቱቦታት ኣይትድፋእ።

<u>ምጽራይ/መዕበስቲ ናይ ረሳሕ ፈሳሲ ቱቦታት ምእላይ</u>
ናይቲ መሕጸቢ ኢድ ናይ ረሳሕ ፈሳሲ ቱቦ እተጽርዮ፣ ነቲ ሲፎን (S ዝቕርጹ ናይ ረሳሕ ፈሳሲ ቱቦ) ብምፍታሕ ኢኻ። ተረፍ ጸጉሪ፣ ቅርፍቲ ኖራን ካልእን ንምእላይ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ከምዚ እንተገበርካ ድማ ይምረጽ።

እቲ ናይ ክሽነ መሕጸቢ፣ መሕጸቢ ኢድ ወይ ሽቓቕ ከምዘይዕበስ ኣረጋግጽ። ስለዚ ኣብዚ ጎሓፍ ኣይትድፋእ (ኣብ ታሕቲ ዘሎ ምስሊ ተመልከት)። ቅብኣት ቁጽሪ 1 ጠንቂ መዕበስቲ እዩ!



ሽጎማኖ ዓለባ፣ ናይ ሕጻናት መጽረጊ መቐመጫን ጥሉል መጽረጊን



ቅብኣት፣ ዝተቐልወ ዘይቲን፣ ዘይቲን



ኬሚካላትን (ተረፍ መረፍ) ቀለምን፡



Medicijnen [መድሃኒታት]

ኣብ ሽቓቕ እትጥቀመሉ ናይ ሽታ ብሎካት ብዝምልከት ጥንቃቐ ግበር። ነዚ ጽቡቕ ገይርካ ኣግጥም። ነዘም ብሎካት ብሽቃቕ ምስ ማይ ምስዳድ መዕበስቲ የስዕብ እዩ።

## ሓባሪ ትኪ [Rookmelder]

ንኹሎም ኣፓርታማታት ሓበርቲ ትኪ መሳሪሒታት ኣለዎም። እዚኦም ንድሕነትካ እዮም። ስለዚ ነቲ ሓባሪ ትኪ መሳርሒ ፈጺምካ ኣይትእለዮ። እቲ ሓባሪ ትኪ ኣብ ዝርከበሉ እዋን መሸፈኒ ደሮና ዘለዎ እዩ። ድሕሪ ምጽራይ ድማ ነቲ መሸፈኒ ደሮና እለዮ።





ነቲ ሓባሪ ትኪ ዝሰርሕ ምኻኑ ብቐጻሊ ፈትኖ።
ነዚ ብኸምዚ ኢኻ እትገብሮ፡ ነቲ ናይ ፈተነ መጠወቕ ንገለ ካልኢታት ጸቐጥካ ሓዞ፣ ነቲ ጺጽ ዝብል ድምጺ ዘድህይ ምኻኑን ዘይምኻኑን ድማ ስምዓዮ። እዚ ጺጽ ዝብል ድምጺ ኣብ ኩሎምን ኣብ ገዛኻ ዝርከቡ ሓበርቲ ትኪ ድማ ትሰምዖም።

እቶም ሓበርቲ ትኪ መሳርሒታት ብኤሌክትሪክ 230 ቮልት ዝሰርሑ ኮይኖም፣ ናይ 9V ባትሪ ድማ ኣለዎም። ነዚ ባትሪ ሓሓሊፍካ ክትቅይሮ ኣለካ። ባትሪ ባዶ ምስ ዝኸውን እቲ ሓባሪ ትኪ ጺጽ ዝብል ድምጺ ክገብር እዩ። ምእንቲ ንዕኡ ባዕልኻ ክትቅይሮ ኩሉ ግዜ ኣብ ገዛኻ ናይ 9V ባትሪ ከምዝህልወካ ድማ ኣረጋግጽ። እቲ ሓባሪ ትኪ ባትሪ ክሳብ እትቕይረሉ ጺጽ ዝብል ድምጺ ምሃብ ክቕጽል እዩ።

ኣስተውዕል! ብዙሕ ደሮና ዝለቑ ነኣሽቱ ጸገናታት ክትገብር ዲኻ? ነቲ ሓባሪ ትኪ ብፕላስቲክ ከረጺት ሸፍኖ። ስራሕ ምስ ወዳእካ ድማ ነቲ ፕላስቲክ ከረጺት ካብቲ ሓባሪ ትኪ ምእላይ ኣይትረስዕ።

ስለዚ ኩሎም ኣብቲ ኣፓርታማ ዝርከቡ ናይ ባርዕ ድሕነት መሳለጥያታት ስራሕ ከም ዝቕጽሉ ኣረጋግጽ። እዚኦም ድማ ሓበርቲ ትኪ መሳርሒታትን፣ ኣብ ናይ ቅድሚት ማዕጾ ናይቲ ገዛ ዝርከብ ዓጸዊ ማዕጾን እዮም።

## ዝተኣሳሰሩ ሓበርቲ ትኪ

ኣብ ገሊኦም ኣፓርታማታት ኣብ 3ይ ደርቢ ናይ Samba en Paso Doble፣ እቲ መህደሚ መንገዲ ብኮሪደር ኣቢሉ ብኻልኦት ኣፓርታማታት ሓሊፉ ዝኸይድ እዩ። ኣብቲ ክፋል ናይቲ ህንጻ ተወሰኽቲ ሓበርቲ ትኪ ኣለዉ። ኣብ ኮሪደር ዝርከብ ሓባሪ ትኪ መጠንቀቕታ ክህብ ጀሚሩ ድዩ? ስለዚ እቶም ኣብቲ ኮሪደር ዝርከቡ ካልኦት ኣፓርታማታት ዘለዉ ሓበርቲ ትኪ እውን መጠንቀቕታ ክህቡ ይጅምሩ።

ኣብ ኮሪደር ናይቲ ህንጻ ዝርከቡ ሓበርቲ ትኪ መሳርሒታት ብኮርፖሬሽናት ዝመሓደሩ እዮም።

# T

## መቖጻጸሪ ሙቐት [Thermostaat]

እቲ መቖጻጸሪ ሙቐት ኣብ ሳሎን ኣብ መንደቕ ተንጠልጢሉ ይርከብ። ኣብቲ ኣፓርታማ ዘሎ ሙቐት ድማ ብመቖጻጸሪ ሙቐት ክትቆጻጸሮ ትኽእል ኢኻ።




ነቲ መቖጻጸሪ ሙቐት በቲ ናይ ምውሳኽ (+) ከምኡ እውን  ምጉዳል (-) መጠወቒታት ኣቢልካ ኣብ ዝደለኻዮ ሙቐት ተዋድዶ።

*ምኽሪ፡ ኩሉ ግዜ ሙቐት ኣብ ሓደ ዓይነት መጠን ዲግሪ ከምዝኸውን ገይርካ ብምግዳፍ ወጻኢታት ጸዓት ክትቑጥብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ እዋን ለይቲ እውን።*

Type Honeywell T4M

ንናይ መቖጻጸሪ ሙቐት ዝምልከት መምርሒ ተጠቐምቲ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ 'ቤትን ህንጻን' ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

### ቲቪን ኢንተርነትን [TV en internet]

ኣብ ሳሎን ኢንተርኔትን ተሌቪዥንን ክትገጥመሉ እትኽእል መራኸቢ ነቑጣ (ዝተገመደ cat 6 ናይ ዳታ ነቑጣ) ኣሎ።



*ዝተገመደ ናይ ዳታ ነቑጣ)*

# V

## ፖምፓ መርውሓን ሙቐትን [Ventilatiewarmtepomp]

ፖምፓ መርውሓን ሙቐትን ኣብቲ ኣፓርታማ ሙቐትን መርውሓን ማለት ምዝውዋር ኣየርን ከምዝህሉው የረጋግጽ። እቲ መውዓዪ ካብቲ ዝለመድካዮ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ መቖጻጸሪ ሙቐት ንዝግበሩ ለውጢታት ሙቐት ብዙሕ ቅልጡፍ ዘይኮነ ምላሽ እዩ ይህብ፣ ምኽንያቱ ድማ እቲ ኣፓርታማ ኣብቲ ስርዓት ምውዓይ ብዝተሓተ ሙቐት ዝውዕይ ስለዝኾነ እዩ።

ንናይ ሙቐት ፖምፓ ዝምልከት መምርሒ ተጠቐምቲ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ 'ቤትን ህንጻን' ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

## መርውሓ ማለት ምሕዳስ ኣየር [Ventilatie]

እቲ ኣፓርትማ ካብ ጠሊ ነጻ ንኽኸውን ምእንቲ መርውሓ ማለት ምሕዳስ ኣየር ኣድላዪ እዩ። እቲ ኣፓርታማ ኣብ መቓናት መሳኹቲ፣ ኣብ ዝዘውርን ዝቀንንን መሳኹቲን ስርዓተ-መርውሓ ቤትን ገዛእ-ርእሱ ዝቆጻጸር መንፈት ኣየር ኣለዎ።

- ነቶም መናፊት ኣየር ክፉታት ሕደጎም። ኣየር ብግቡእ ንምሕዳስ ኩሉ ግዜ እኹል ቀረብ ንጹህ ኣየር ክህሉው ኣለዎ። ብተወሳኺ ነቲ ስርዓተ-መርውሓ ቤት ቐጻሊ ኣብ ዝለዓለ ኩነት ግበሮ (ኣብ እዋንን ድሕሪን ምሕጻብ ሰብነት)።
- በቲ ዝዘውርን ዝቀንንን መስኮት ኣየር ከተሐድስ ትደልይ ዲኻ? ነዚ ኣብ መዓልቲ እንተበዝሐ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ግበሮ።
- ኣብ ትሕቲ ውሽጣዊ ማዕጾታት መኽልከሊ ንፋስ ሽራጣት ወይ ዓጋቲ ንፋስ ዘንጊ ኣይተላግብ። ብኽምዚ መንገዲ ድማ ኣብ ገዛ ጽቡቕ ምሕዳስ ኣየር ክትዕቕብ ትኽእል። ብትሕቲ ውሽጣዊ ማዕጾታት ኣየር ምሕላፍ ኣካል ናይቲ ብመካኒካዊ ስርዓተ መምጸዪ ኣቢሉ ዝካየድ ስርዓተ ምሕዳስ ኣየር እዩ።

## መብራህቲ [Verlichting]

ኣብቲ ኣፓርታማ ንመብራህቲ ዝኸውን ናይ ናሕሲ ትሰከምቲ መብራህቲ ተተኺሎም ኣለዉ። እዚኦም ድማ ናይ ለድ ኣምፑል ዘለዎም እዮም። እቶም ናይ ለድ ኣምፑላት ንኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ዝጸንሑ እዮም፣ ክትትክኦም ግን ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ኣምፑል ተሰቢሩ ድዩ? ስለዚ ንሕና ንብምሉኡ እቲ ተሰካሚ መብራሕቲ ክንቕይሮ ኢና።

ነቶም ተሰከምቲ መብራህቲ /ኣምፑላት ብናይ ገዛእ ርእስኻ ኣምፑላት እውን ክትቅይሮም ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን ነቶም ኣቀዲሞም ዝነበሩ ኣምፑላት ክትዕቅቦም ኣለካ። እዚኦም ናይቲ ገዛ እዮም።

ኣብ መኽዘንን ኣብ ክፍሊ ቴክኒክን ዝርከቡ ተሰከምቲ መብራህቲ ናይ ምንቅስቓስ መለለዪ ማለት ሰንሰር ኣለዎም። እዚኦም ምንቅስቓስ ምስ ዝህሉው ብኣውቶማቲክ ይውልዑ፣ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ድማ እንደገና ይጠፍኡ። እዚ መብራህቲ ኣብቲ ናይ ጉጅለ መከፋፈሊ ሳንዱቕ ዘሎ ናይ መወዳእታ ጉጅለ ብምጥፋእ (ጸዓት ከምዘይረክብ ብምግባር) ጥራይ እዩ ክጠፍእ ዝኽእል።

## ቪድዮፎን/ኢንተርኮም [Videofoon/intercom]

ኣብቲ ቀንዲ ኣፍደገ ናይቲ ኣፓርታማ ህንጻ ደወል ዝድውል ሰብ ኣሎ ድዩ? ስለዚ ሽዕኡ ኣብቲ ኣፓርታማ ዘሎ ኢንተርኮም ማለት ውሽጢ-መራኸቢ ይድውል። መን ኣብ ኣፍደገ ከምዘሎ ብምስሊ እውን ክትርእይ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ሰብ ብመንገዲ እቲ መቐበሊ ተሌፎን ክትዛረቦ ድማ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ እውን ኣብቲ መሳርሒ ብዘሎ ዝጥወቕ መፍትሕ ኣቢልካ ነቲ ማዕጾ ትኸፍቶ።


*Videofoon [ቪድዮፎን]*

ዝጥወቕ መፍትሕ፡ በዚ ነቲ መጠወቒ ንሓጺር እዋን ብምትንካፍ ነቲ መእተዊ ማዕጾ ትኸፍቶ። ነዚ ንምግባር መጀመርታ ደወል ማዕጾ ክድወለልካ ኣየድልየካን እዩ።

መጠወቒ 1፡ ኣይሰርሕን እዩ (ፕሮግራም ኣይተገብረሉን)

*መጠወቒ 2*: ነቲ መጠወቒ ንሓጺር እዋን ብምትንካፍ ካብቲ ኣብ ኣፍደገ ህንጻ ዝርከብ ካሜራ ምስሊ ትጽውዕ።
*ኣስተውዕል: ነቲ መጠወቒ ንነዊሕ እዋን እንተድኣ ጸቒጥካዮ ናብ ዝርዝር ኣማራጺታት ማለት ናብ ሜኑ እዩ ዝቕየር፣ ስለዚ ነቲ መጠወቒ ንሓጺር እዋን ምትንካፍ ዝበለጸ እዩ።*

መጠወቒ ጻውዒት፡ በዚ ነቲ ድምጺ ክትዕፍኖ ትኽእል። እቲ መጠወቒ ቀይሕ ይበርህ ኣሎ ድዩ? ስለዚ ሽዕኡ ዝኾነ ሰብ ደወል ማዕጾ ምስ ዝድውል ድምጺ ኣይትሰምዕን ኢኻ።

መቆጻጸሪ ድምጺ፡ ኣብ ጎድኒ ኣብ ሞንጎ መቀበሊ ተሌፎንን ሞኒተርን ስላይደር ኣሎ። ኣብዚ 3 ኩነት ኣለዉ፡ ዓው (ላዕሊ)፣ ማእከላይ (ማእከል) ከምኡ እውን ትሑት (ታሕቲ)።

ድምቀት/ሕብሪ፡ ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ናይቲ ሞኒተር ብዘለዋ 2 መንኰርኰራት ድምቀት ወይ ሕብሪ ናይቲ ምስሊ ከተመዓራርዮ ትኽእል።

*እቲ ቪድዮፎን ፈጺምካ ካብ መንደቕ ኣይትእለዮ።* ሕብሪ መንደቕ ክትቀብእ ወይ ዝልጠፍ ሕብሪ መንደቕ ክትሰቕል እንተድኣ ኮይንካ፣ ነቲ ዝተተኽለ መሳርሒ ብሸሪጥ ጽቡቕ ገይርካ ሸፍኖ፣ ከምኡ እውን ዕዮኻ ብዙርያ እቲ ዝተተኽለ መሳርሒ ብምሕላፍ ኣካይድ። እቲ ዝተተኽለ መሳርሒ ብደቂቕ ዝተቓነየ ኮይኑ ንዝኾነ ዕንቅፋት ኣዝዩ ተሃዋሲ እዩ።

**ኣፈጻጽማ ባይታ [Vloerafwerking]**

እቲ ኣፓርታማ ምፍሕፋሕ ዝጻወር ፖሊቫይኒል ክሎራይድ [PVC] ዝተነጽፈሉ ባይታ ዘለዎ ኮይኑ ብዕንጨይቲ ዝተሰርሐ መዋቕር ኣለዎ። እዚ ሽፋን ባይታ ናይቲ ገዛ እዩ። ነዚ ክትቅይሮ ወይ ክትኣልዮ ድማ ኣይፍቀደልካን እዩ። ነቲ ባይታ ብግቡእ ተኸናኸኖ፣ ከምኡ ምስ እትገብር ድማ ንነዊሕ እዋን ከተስተማቕሮ ኢኻ።

ንባይታ ዝምልከት ናይ ምክንኻን ምኽሪ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ 'ቤትን ህንጻን' ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

**መውዓዪ ትሕተ-ባይታ [Vloerverwarming]**

ናይዞም ዝስዕቡ መውዓዪ ትሕተ-ባይታ ኣብ ሳሎን/ክሽነ ኣሎ፡

- 2ን 3ን ክፍሊ ናይ ዘለዎም ኣፓርታማታት፤

- ስቱድዮታት ናይ Samba፣ Paso Doble & Jive።

እቲ መውዓዪ ትሕተ-ባይታ ምስ ናይ ሙቐት ፖምፓ ዝተኣሳሰረ እዩ። ኣከፋፈልቲ ድማ እቲ ምዉቕ ማይ ካብን ናብን ከምዝጭንጓዕ የረጋግጹ።

ኣብ 2 ክፍሊ ዘለዎ ኣፓርታማ ዲኻ ትነብር? ስለዚ እቲ ኣከፋፋሊ ሙቐት ኣብቲ ናይ ቆጻሪ ከብሒ፣ ብድሕሪ ቆጻሪ ማይ ኣብ ዘሎ ተኸፋቲ ጽፍሒ ይርከብ። እቲ ኣከፋፋሊ ሙቐት፣ ንመውዓዩ ትሕተ-ባይታ ዝኸውን ክልተ መስተኻኸሊ መፈንቶታት ኣለዎ። *ነዚ ተዋዲዱ ዝርከብ ስርዓት ምቕያር ኣይፍቀድን እዩ።* እዚ ንኣሰራርሓ ናይ ሙቐት ፖምፓ ክጸልዎ ይኽእል እዩ።

ኣብ 3 ክፍሊ ዘለዎ ኣፓርታማ ዲኻ ትነብር? ስለዚ እቲ ኣከፋፋሊ ሙቐት ኣብ ክፍሊ መሕጸቢ ክዳውንቲ እዩ ዝርከብ። እቲ ኣከፋፋሊ ሙቐት፣ ንመውዓዩ ትሕተ-ባይታ ዝኸውን ክልተ መስተኻኸሊ መፈንቶታት ኣለዎ። *ነዚ ተዋዲዱ ዝርከብ ስርዓት ምቕያር ኣይፍቀድን እዩ።* እዚ ንኣሰራርሓ ናይ ሙቐት ፖምፓ ክጸልዎ ይኽእል እዩ።

ኣብ ስቱድዮ ዲኻ ትነብር? ስለዚ እቲ ኣከፋፋሊ ሙቐት ኣብቲ ክፍሊ ቴክኒክ እዩ ዝርከብ። እቲ ኣከፋፋሊ ሙቐት፣ ንመውዓዩ ትሕተ-ባይታ ዝኸውን ክልተ መስተኻኸሊ መፈንቶታት ኣለዎ። *ነዚ ተዋዲዱ ዝርከብ ስርዓት ምቕያር ኣይፍቀድን እዩ።* እዚ ንኣሰራርሓ ናይ ሙቐት ፖምፓ ክጸልዎ ይኽእል እዩ።



*ኣከፋፋሊ ሙቐት መውዓዩ ትሕተ-ባይታ*

# W

### መናድቕን ናሕስታትን [Wanden en plafonds]

መናደቕ ናይቲ ኣፓርታማ ብናይ ብርጭቆ ፋይበር ልጣፍ ዝተዛዘሙ እዮም፣ ከምኡ እውን ብድሕሪኡ ተቐቢኦም።
እቶም መናድቕ ብውሽጢ ሃኳፋት እዮም። ስለዚ ከበድቲ ነገራት ኣይትሰቕል። ከምኡ እውን ኣብ መንደቕ ገለ ነገር ንምስቃል ኩሉ ግዜ ናይ ሃኳፍ መንደቕ ተወታፊ ተጠቐም።

እቲ ናሕሲ ብማሽን ዝተለሰነ ኣፈጻጽማ ኣለዎ። ኣብቲ ናሕሲ ዝረኣይ ናይ መጋጠሚ ልቃብ ኣሎ። እዚ ልቃብ ዝረኣይ ዝኾነ ምኽንያት ድማ እቲ ኣፓርታማ ብሓያሎ ኣቀዲሞም ዝተፈብረኹ ኣሃዱታት ዝቖመ ዝለዝኾነ እዩ።

### ናይ ሙቐት ፖምፓ [Warmtepomp]

ናይ ሙቐት ፖምፓ ፍሉይ ናይ (ፐሪለክስ perilex) ተሰኳዒ ኣለዎ። እዚ ኩሉ ግዜ ክገጥም ኣለዎ፣ እንተዘይኮይኑ እቲ ናይ ሙቐት ፖምፓ ኣይሰርሕን እዩ። *ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ 'ፖምፓ መርውሓን ሙቐትን ዝብል ተመልከት።*

### መንቀጺት ማሽን [Wasdroger]

ኣብቲ ክፍሊ ቴክኒክ ናይቲ ኣፓርታማ ኣብ ልዕሊ ሓጻቢት ማሽን፣ መንቀጺት ማሽን ከተቐምጥ ትኽእል ኢኻ። *እዛ ማሽን ኮንደንስር መንቀጺት [condensdroger] ምስ እትኽውን ጥራይ እዩ ዝፍቐድ።* እዚ ንስቱድዮታት ኣይምልከትን እዩ። እቶም ስቱድዮታት ናይ ሓጻቢት ማሽን መጋጠሚ የብሎምን።

### ሓጻቢት ማሽን [Wasmachine]

ኣብቲ ክፍሊ ቴክኒክ ናይቲ ኣፓርታማ ንሓጻቢት ማሽን ዝኸውን መጋጠሚ ኣሎ። ንቀረብን መፍሰሲን ንኽልቲኡ መቆጻጸሪ ትርፊ ማይ [waterstop] ተጠቐም። ሓጻቢት ማሽንካ መውሕሲ ገመድ ማይ የብላን ድያ? ስለዚ መቆጻጸሪ ትርፊ ማይ [waterstop] ንበይኑ ግዛእ። እዚ ነቶም ኣፓርታማታት ጥራይ እዩ ዝምልከት። እቶም ስቱድዮታት ናይ ሓጻቢት ማሽን መጋጠሚ የብሎምን። ኣብ ስቱድዮ ዲኻ ትነብር? ስለዚ ነተን ናይ ሓባር ሓጸብቲ ማሽናት ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።



### ማይ (ዝሑልን ውዑይን)

እቲ ኣፓርታማ ምስ መስመር ቀረብ ማይ ዝተኣሳሰረ እዩ። ኣቕራቢ ማይ ድማ ቪተንስ [Vitens] እዩ። *ኣፓርታማኻ ኣብ ቪተንስ [Vitens] ባዕልኻ ክትምዝግቦ ኣለካ።* እዚ ድማ ብመንገዲ www.vitens.nl ክግበር ይከኣል።

እቲ ፖምፖ መርውሓን ሙቐትን እዩ ንማይ ዘውዕዮ። እዚ ድማ ብቕጥታ እኹል ውዑይ ማይ ከቕርብ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ድማ ቦይለር ማለት መፍልሒ እውን ኣሎ። እቲ ቦይለር ዝሑል ድዩ? ስለዚ መሊሱ ናብቲ ቅኑዕ ሙቐት ክሳብ ዝበጽሕ ገለ ሰዓታት ይወስድ እዩ። ስለዚ ነቲ ቦይለር ፈጺምካ ኣይተጥፍኦ።

# Z

### መጋረዲ ጸሓይ [Zonwering]

ኣብ ምብራቓዊ፣ ምዕራባዊን ደቡባዊን ገጽ መጋረዲ ጸሓይ ተኺልና ኣለና። እቲ መጋረዲ ጸሓይ ድማ እቲ ኣፓርታማ ብጸሓይ ኣዝዩ ውዑይ ከምዘይከውን ዘረጋግጽ እዩ። ገሊኦም ንሰሜን ገጹ ዝጥምት መስኮት ዘለዎም ኣፓርታማታት እውን መጋረዲ ጸሓይ ኣለዎም። እዚኦም ኣብ ኩርናዓት ዝርከቡ ኣፓርታማታት እዮም።



ነቲ መጋረዲ ጸሓይ በቲ ገመድ ኣልቦ መቆጻጸሪ ኢኻ እትቆጻጸሮ። እዚ ድማ ኣብቲ ኣብ ጎኒ መቓና ናይ መስኮት ዘሎ መንደቕ ይንጥልጠል። ኣሰራርሕኡ ቀሊል እዩ፣ ኣብቲ ንታሕቲ ዝጥምት ፍላጻ ጠውቕ፣ እቲ መጋረዲ ጸሓይ ድማ ንታሕቲ ክወርድ እዩ። ኣሰራርሕኡ ቀሊል እዩ፣ ኣብቲ ንላዕሊ ዝጥምት ፍላጻ ጠውቕ፣ እቲ መጋረዲ ጸሓይ ድማ ንላዕሊ ክድይብ እዩ።

*ገመድ ኣልቦ መቖጻጸሪ መንደቕ [Draadloze wandschakelaar]*

*ኣስተውዕል፡ (ሓያል) ንፋስ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ነቲ መጋረዲ ጸሓይ ኩሉ ግዜ ንላዕሊ ግበሮ።* እንተዘይኮይኑ እቲ ጨርቂ ክቕደድ እዩ።